# ሰንበት ዘመስቀል

## መስከረም 19 2017 ዓ.ም. (9/29/2024)

**መዝሙር፡** ዝንቱ ውዝቱ መስቀል በአማን ዕጹብ...መስቀል ብሓቂ ድንቂ እዩ፥ ኣብ ብርቱዕ ነገር ሠናይ ንምግባር ብቐሊል መገዲ የጽንዓና፥ መስቀል ኃጢአት ይምሕር፥ ጻድቃን ካብ ደብረ ልዑል ኃጥአን ካብ ምድሪ ካብ ማእከል ኩነኔን ጸውዑ፡ ንኖና ጽዮን ብመዓልቲ ሰንበት ንባሕሪ ምስ ገሰጸ ማዕበል ሃድኣላ፡ ብመዓልቲ ሰንበት ንባሕሪ ምስ ገሰጸ ደቂ እስራኤል ብእግሪ ተሳገሩ ንሕና ብሓይሊ እዚ መስቀል ረድኤት ከም ዝውሃብ ንእምን፡መስቀል ኣብ ማእከል ጸላእቲ ረዲኤትን ኃይልን ጽንዓትን ድኅነትን ምዃኑ ንእምን መስቀል ኃይልናን ጸግዕናን እዩ።

**ንባባት፡** ፩ቆሮ 2፡1-12፥ ፩ጴጥ 2፡20-ፍ፥ ግ.ሓ. 4፡19-31፥ ማቴ 16፡13-20

**ምስባክ፡** 1. ወወሃብኮም ትእምርተ ለእለ ይፈርሁከ፥ ከም ያምስጡ እምገጸ ቀስት፥ ወይድኃኑ ፍቁራኒከ።

2. ወአጽንኦ እግዚኦ ለዝንቱ ዘሠራዕከ ለነ፥ ውስተ ጽርሕከ ዘኢየሩሳሌም፥ ለከ ያምጽኡ ነገሥት አምኃ። ነቲ ንኣና ዘድኃንካሉ ኃይልኻ ግለጾ፥ ስለቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ቤት መቕደስካ ነገሥታት ውህበት ከምጽኡልካ እዮም። መዝ 68፡28-29።

ዘመነ መስቀል ካብ 17-25 መስከረም ዘሎ እዩ። ድሕሪ ብዓለ መስቀል ሲዒቡ ዝርከብ ሰንበት ሰንበት ዘመስቀል ይብሃል ንትርጉም መስቀል ክነስተንትን ዘዘኻኽር ሰንበት እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፥ ንኣና ነቶም እንኣምን ግን ኃይሊ ኣምላኽ እዩ (1ቆር 1፡18) እናበለ ርድኢት መስቀል ኣብ እምነትና ይሕብረና። ቀጺሉ ኣነ ነቲ ስተሰቕለ ክርስቶስ እየ ዝሰብኽ እናበለ ኸአ ኣብ መስቀል ድኅነትና ተፈጺሙ ኣብ ጸሎታትና ነዚ ዝመሳሰል ተፈጸመ ተስፋ አበው በማርያም ድንግል ወቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል እናበልና ኣብ ጎቦ ቀራንዮ ምእንታና ዝተፈጸመ ንዝክር።

መስቀል ፍሉይ ምልክት እዩ። ድሕነትና የዘኻክር ከምኡ ፍቕሪ ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ይነግር። ኣብ መስቀል ዝተገብረ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና ንደቂ ሰብ ልዕሊ ተፈጥሮና ዝኾነ ርክብ እዩ ፈጢሩልና። ድሕሪ ሞት ኣብ መስቀል ሓደስቲ ፍጥረት ኮና።

ኣብ ዘመና ብዙሓት መስቀል ዘይብሉ ሕይወት ቀሊልን ምቾትን ዝመልኦ ሕይወት ብዘይ ዝኾነ ጸገም፥ ብዘይ ዝኾነ ተጋድሎ ሕይወቶም ክመርሑ ይደልዩ። ብዙሓት ኣብ ትሕቲ መስቀል ደው ክብሉ ይደልዩ ካብ መስቀልካ ውረድ ዝብሉ ይመስሉ። ናይ ሎሚ ሕብረተሰብ ዝኾነ ስቓይ ክዕገስ ይኸብዶ። ብርግጽ ስቓይ ቀሊል ወይ ጥዑም ማለት ኣይኮነን ኩኖ ስቓይ ዘሎ ግርማን ክብርን ክንርኢ ክንክእል ኣሎና። ብዙሓት ሰማዕታት ቅዱሳን ነዚ ክርእዩ ስለ ዝኽእሉ በቲ ዝተጓነፎም ስቓይ ወይ ክበድ ፈተናን ስቓያትን ክሽነፉ ኣይከኣሉን።

ብዙሓት ካባና ፍሉይ መስቀል ምስ ወረደና ስለምንታይ ንኣይ? ስለምንታይ ክሳቐ ይደልየኒ? እናበልና እናጉሄና ንሓትት። ኣብ ሓቂ መሰረት ገርና እንተ ርኣና ግን ትርጉም ሕይወት ንጹር

ዝኸውን ካብ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ናብ ንመን ዝብል ምስ አምራሕናዮ ብዝያዳ ክንርኢ ንኽእል። ስቓይ መከራ አብ ሕይወት ደቂ ሰብ ክወርድ እንከሎ ፍሉይ ትርጉም አልኦ። አብ መስቀል ክርስቶስ ክንጥምት እንተ ኽኣልና አብኡ መልሲ ትርጉም ሕይወትናን መልሲ ንሕቶና ክንረክብ ንኽእል። ብርግጽ ክንሳቐ ከሎና ጸገማት ክበዝሓና እንከሎ መልሲ ንደሊ። ጥዑም ዘረባ ወይ ምድንጋጽ አጆኻ/አጆኺ ክሓልፍ እዩ፥ ምእንቲ አምላኽ ኢልካ ተቐበሎ ዝብል ንጸገማትና መልሲ አይኮነናን እዩ። ጸገማት ከም ሕዱር ሕማም፥ ሞት ናይ እንፈትዎ ሰብ፥ ከምኡ አብ ርክባትና ከቢድ ፈተና ክወርደና እንከሎ ፍሉይ ቃንዛ እዩ ዝፈጥረልና ሽዑ አብ ውሽጥና አቲና ክንሓትት ንግደድ። ስለምንታይ እዚ ወሪዱኒ ወይ ረኺቡኒ እናበልና አብ መሰረታዊ ትርጉም ተፈጥሮን ከምእንምለስ ይገብረና።

ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና አብ ጽንኩርን ከቢድን ጸገማት እንከሎና ወይ አብ አምላኽ ንቐርብ ወይ ከአ ጨሪሽና ካብ አምላኽ ንወጽእ። ዝኾነ አሰርየ ክስዕብ ዝደሊ ርእሱ ይኽሓድ መስቀሉ ጸሩ ኸአ ይስዓበኒ (ሉቃ 9፡23)። አብዚ ትኽ ዝበለ መጸዋዕታ ክርስቶስ ነቶም ዝኣምንዎ ዝብሎ ንርኢ። ንመስቀል ተሓጒስካ ምቕባል፥ ንግላዊ መስቀል ወይ መሳቕል ክንቅበል ካብቲ ሓደ አድላዪ ነገራት ምስ ክርስቶስ ክንጉዓዝ ንደሊ እንተ ኾና ዝገልጽ እዩ። ንክርስቶስ ክንስዕብ እንተ ኾና ግድን መስቀል ክህልወና አለዎ፥ ብዘይ መስቀል ንክርስቶስ ክንስዕቦ አይንኽእልን ኢና። ክርስቶስ ንመስቀል ሓንሳብ ምስ ተሰከሞ ክሳብ ዝመውት ካብኡ አይተፈለን ንሕና እውን ዘሎና መስቀል ክበዱ ብዘየገድስ ክሳብ መወዳእታ ክንጸር እዩ ድላይ መድኃኒና።

ቀዳሞት ክርስትያን ነዚ ብምሉእ ተረዲኦሞ አብ ዓድና እውን እዚ ስለ ዝተረድኦም ምልክት መስቀል አብ ኩሉ ከርእይዎ ደልዮም፥ አብ ግንባሮም አብ ክዳውንቶም አብ ገዛውቶም አብ ኩሉ ምልክት መስቀል ከምዝርአ ገሮም። ሕይወትና መስቀል ዝመልኦ ክኸውን እንከሎ ሽዑ አብ ክርስቶስ አሎና ዝብል ርድኢት ፍሉይ ፈተና ከምዝሓልፉ ገርዎም። መስቀል ክወርዶም እንከሎ ከም ዓቢ ህያብ መጋበሪ ድሕነት ገሮም ይወስድዎ ስለ ዝነበሩ ኩኖ መስቀል ዘሎ ክብርን ግርማን ክርእዩ ክኢሎም።

እሞ ሎሚ መስቀልካ/ኪ አበሎ ተሰኪምካዮ/ክዮ ዘሎኻ? ሰባት ክበድ መስቀልካ ርእዮም እንታይ ይብሉኻ? ምስካም መስቀል ከቢዱካ የማን ጸጋምዶ ትብል አሎኻ ወይ ጸርካዮ ትጉዓዝ አሎኻ? እዝን ካልእን አብ ሕይወትና ክንጸሮ ዘሎና መስቀል የዘኻክር። ፍቕሪ መስቀልና መለልዪ ሕይወትና ገርና ብምጻር መስቀልና አብነታውያን ክንከውን እዩ ድላይ መድኃኒና።

አብ ግዝአት ሮማውያን ነቶም ሮማዊ ዜግነት ዘይብሎም ብስቕለት ይቐጽዕዎም ነሮም ሮማዊ ዘግነት ዘልኦ ግን ብሴፍ ክሳዱ ይመትርዎ በዚ ምኽንያት እዩ ቅዱስ ጳውሎስ ብሴፍ ክሳዱ ዝመተርዎ ጴጥሮስ ግን ብስቕለት ዝሞተ። ሮማውያን ብስቕለት ክቐትሉ እንከለዉ ዝለዓለ ጭካኔ ዝመልኦ መቕጻዕቲ ክፍጽሙ እንከለዉ እዮም ዝገብርዎ ዝነበሩ። አይሁድ ነዚ ጨካን ሞት አብ መስቀል ስቕለት ይፈልጥዎ ነሮም እዮም። ብዙሓት ናይ ፖሎቲካ እሱራት ብብዝሒ ብናይ መስቀል ሞት ይቕጽዑ ነሮም እዮም። ስለዚ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክስዕበኒ ዝደሊ ርእሱ ይኽሓድ ዕለት ዕለት መስቀሉ ጸሩ ይስዓበኒ ኢሉ ክዛረቦም እንከሎ ጽቡቕ ገሮም ይርድእዎ ነሮም እዮም። አብ መስቀል ምማት ጽቡቕ ገሩ ይርድኦም ነሩ እዩ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ኣብ 9፡24 ከምዚ ይብለና እቲ ንነፍሱ ኼድኅና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ፥ እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና ኼድኅና እዩ። ኣብ ታሪኽ ሓደ ኢየሱስ ጥራሕ ከምዘሎ ክንኣምን ኣሎና፥ ንሱ ጥራሕ ኸኣ እዩ እቲ ዝተሰቕለ ዝሞተ ዝተንሥአ። ክርስትና ብዘይ መስቀል ክርስትና ኣይኮነን፥ ብመስቀል ክርስቶስ ጥራሕ ኢና ድሕነት ረኺብና። መስቀልን ሞትን ክርስቶስ እምብኣር ሕመረት እምነትና እዮም፥ ካብ መስቀል ርሒቕና ወይ ሃዲምና ክንርከብ ኣይግባእን።

ጸገም ክወርደና እንከሎ ወይ ከቢድ ፈተና ኣብ ሕይወትና ኣብ ጸዋዕታና ክወርደና እንከሎ ከም መርገም ወይ እውን ከም ሓደ ከቢድ ተጽዕኖ ወይ እውን ዕድልና ሕማቕ ኮይኑ ዝወረደና ገርና ክንርእዮ የብልናን። ብጽእቲ ኣደ ተረዛ (Mother Teresa) ሓደ ጊዜ ከምዚ ኢላ "ስቓይ ሓደ ካብ ምልክታት ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ከምዘሎና ዝሕብር፥ ከም ዝስዕመና ዝገብርን ከም ዘፍቅረና ዝገልጽ ኣብ ስቓያቱ ክንሳተፍ ዕድል ዝህበና እዩ" እናበለት ምስጢር ስቓይ ወይ መስቀል ተገልጽ። ብዘይ ጥርጥር ብዙሓት ዓይነት ስቓያት ኣለዉ ክንፈልጦምን ክንገልጾምን ዘይንኽእል፥ ስለዚ ትርጉም ስቓይ እንርድኦ ኣብ መስቀል ክርስቶስ ክንጥምት እንተ ኽኢልና ጥራሕ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ Thomas a' Kempis ንክርስቶስ ምምሳል ወይ ኢሚታስዮ (፪ይ መጽሓፍ ምዕ. 12፡20-25) ብዛዕባ መስቀል ክገልጽ እንከሎ መስቀል ወትሩ ተቐሪባትልካ ኣላ፥ ኣብ ኵሉ ቦታ ትጽበየካ ኣላ። ናብ ዝኸድካ እንተ ኸድካ ባዕልኻ ኣብ ርእስኻ ተሸኪምካያ ኢኻ እትኸይድ ወትሩ ንርእስኻ ኢኻ እውን እትረክብ ናብ ዝኾነ ቦታ ሃዲምካ ከተምልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናብ ላዕሊ እንተ ደየብካ ናብ ታሕቲ እንተ ወረድካ ወይ ናብ ውሽጢ እንተኣቶኻ ኣብዚታት ኵሉ መስቀል ኣሎ። ውሽጣዊ ናይ ልቢ ሰላምን ናይ ዓወት ዘለዓለማዊ ኣኽሊልን ክትረክብ እንተ ደሊኻ ኣብ ኵሉ ናይ ግዲ ትዕግሥቲ የድልየካ። ንመስቀል ተሓጕስካ እንተ ትሽከማ ንሳውን ተሸኪማትካ ናብቲ ንስኻ እትደልዮ መጨረሻ ዕላማኻ መብጽሓትካ። እዚ ከኣ ኣብቲ ሓሳረ መከራ ዝጭረሸሉ እምበር ኣብዚ ምድሪዚ ኣይኮነን። ሓንቲ መስቀል እንተ ኣሕለፍካ ምናልባት ካብኣ እትኸብድ ካልእ ብዘይጥርጥር ክትመጽኣካ እያ ዝብል ነንብብ።

ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና መስቀል ከም ዝጓነፈና ተረዲእና መስቀልና ክንቅይር ዘይኮነ ነቲ ወሪዱ ዘሎ መስቀል ካብ ድላይ ኣምላኽ ከይወጻእና መጋበሪ ሰላምን ፍቕርን ሕድገትን ክንገብሮ በቲ ወሪዱና ዘሎ ብዝያዳ ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ እሞ ሓግዘኒ እደክም ኣሎኹ ኣሰንየኒ ኢልና ክንልምን ከም ዝግብኣና መጽሓፍ ኢሚታስዮ ይነግር።

ንመስቀል ብግቡእ እንተ ተረዳእናዮ እሞ እንተ ጾርና ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት ኣብ ግብሪ ንርኢ።

- **ኃጢአት ይመውት፡** ሓደ/ሓንቲ ሰብ እምነቱ/ታ ኣብ ትሕቲ ጽላል ደም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክገብር እንከሎ እቲ ሰብ እቲ ንዘለዓለም ይቕየር። ናይ ኃጢአት ሰንሰለት ይብጠስ (ሮሜ 6፡14)፥ ሓደስቲ ፍጥረት ይኾኑ (2ቆሮ 5፡17)። እዚ ከም ብሓደስ ዝተወልደ ኣማናይ ሕይወቱ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ኃጢአት ኣይነብርን እዩ (ሮሜ 6፡6)። ንመስቀሉ ዝጸውር መወዳእታኡ ክብርን ዓወትን እዩ። ኣብኡ ፍቕሪ ሰላም ትዕግስቲ ስለ ዝርከባ ኃጢአት ቦታ የብሉን።

- **ገሃነም እሳት ተሳዒራ፡** ዝኾነ ኣብ ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ዝኣመነ እሞ ቅዱስ ሕይወት ዝመርሕ ኣብኡ ሓዊ እሳት ዘለዓለም ኣይርከብን እዩ። ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ እቲ ንቓለይ ዝሰምዕ በቲ ዝልኣኸኒውን ዝኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ ንሱ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይሳገር እምበር ናብ ፍርዲ ኣይክበጽሕን እዩ (ዮሓ 5፡24)። ሮሜ 8፡ 1 ነቶም ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘለዉ ኵነኔ የብሎምን ይብለና።
- **መንግስተ ሰማይ ተኸፊቱ፡** ደም ክርስቶስ ኣፍደገ መንግስተ ሰማይን ናይ ክብሪ ቦታን ይኸፍተልና። ንሓዋርያቱ ኣብ ቤት ኣብኡ ብዙኅ ማሕደር ከምዘሎ እሞ ከሰናድወሎም ከም ዝኸይድ ነጊርዎም። (ዮሓ 14፡13። ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ክንሳተፍ ሓንቲ መገዲ እያ ዘላ ሰብ ካልኣይ ጊዜ እንተ ዘይተወልደ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ከቶ ከም ዘይክእል ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ (ዮሓ 3፡3)። ሰማይ ዓድና ክንገብር ኣብዚ ምድሪ መስቀልና ክንጸውር ይግብኣና።

መስቀል ኣብ እምነትና ፍሉይ ትርጉም ከምዘለዎ ተረዲእና ዕለት ዕለት ብሓዲስ መንፈስን ተስፋን ጉዕዞና ክንቅጽል ንዝኾነ ዝጓነፈና መስቀል ብፍቕሪ ተቐቢልና ክሳብ መወዳእታ ክንጸውር ሓግዘኒ ንበሎ።

ሕይወት ማርያም ሕይወት መስቀል እዩ ንዅሉ ፍቓድካ ይኹን እናበለት ሓሊፋቶ ሎሚ እውን ፍኖተ መስቀል ዘስተምሃርኪ ማርያም ንኹሉ ዝጓነፈና መስቀል ክንጸውር ንወድኺ ጸዋር መስቀል ለምንልና ንበላ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ